# ሓጥያት ተቓወምቲ ክትመዝን ምውዓል
# ንሽግር ህዝቢ ኤርትራ መፍትሒ ኣይኮነን

ገለገለ በጻብዕ ዝቑጸሩ ባእታት ነቲ ውልቃዊ ጸገማቶም፡ ከም ፖለቲካዊ ሓልዮት ኣምሲሎም፡ ኣብ ዘየድሊ ውዲታዊ ጸለመ ዝተዋፈሩ፡ ሓሓሊፍካ ኣብ ኣውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን ከምዘለዉ ርዱእ እዩ።

ልቢ ዓሻ ኣብ ደረቱ ከም ዝብሃል፡ ዘምባዕ ልቦና ተጎልቢብካ ሓላይ ህዝቢ ክትመስል፡ ብህዝቢ ኣመኻኒኻ፡ ፖለቲካዊ መሰል ውልቀ ሰባትን ውድባትን ግሂስካ፡ ጸለሎ ክትቀብእ ካብ ምውዓል፡ ድርኺት ሓልዮት ህዝቢ እንተ ተስሚዑካ ኣብ እትኣምነሉ ውድብ ወይ ናይ ሲቪካዊ ማሕበራት ተወዲብካ ምቅላስ እዩ። መዐቀኒ ፍታሕ፡ ህዝብን ሃግርን፡ ኣብ ክሊ ሓደ ውድብ ኣወንዚፍካ፡ ዘይፍትሓዊ ስነ'ሞገተ ኣድማዕነት የብሉን። ዘለናዮ ወቐቲ ኣይኮነን'ዶ ዝጠስጠሰን ዝቦኽቦኽን ስልቲ ጸለመ ተጠቒምካስ፡ ብዘይትን ሒናን ቀባቢእካን ሾሓሒልካን እውን ተቐባልነት የብሉን። ስለ'ዚ ስልምንታይ እዮም ገለ ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ፡ ኣንጻር ካልኦት ተቓወምቲ መልሓሶም ብምስሓል፡ ኣብ ጸለመ ዝዋፍሩ ኢልካ ምስ እትድህሰስ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ጠቕምን ሕልምን ምስ ዘይማላእ፡ ኣብ ዘይድሊ ህልኻዊ ዓዘቕቲ ኣትዮም፡ ዕላማኦም ብምስሓት ምስ ሶፍያ ተስፋማርያም ተስሪዖም ትረኽቦም።

ስ'ለዚ ህልኽ ንህ-ግ-ደ-ፍ ስለ ዘየርበሔ ሃበስ ቀደስ ገዲፍና ንህዝብና ንምድሓን ንቃለስ። እቲ ቃልሲ ኣብ መንጎ መሰሉ ዝተጋሃሰ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ መንጎ ህ-ግ-ደ-ፍን ኮራኹሩን ድኣምበር ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ከምዘይኮነ ርዱእ እዩ።

ሰበ ስልጣን ስርዓት ህ-ግ-ደ-ፍ ኣብ ደማዊ ምርጻምን ምንውዋጽን ስለ'ዝርከቡ፡ እዚ ኣብ ኤርትራ ተወጢጡ ዘሎ ሽግር ግዜኡን መኣዝናቱን ከይሓለወ ክትኮስ ስለ ዝኽእል፡ ሳዕቤኑ ብቐረባ ከነስተባህል ይግባእ።

ነዚ ብምስትብሃል ተቓወምቲ ወድባትን፡ ተጣበቕቲ መሰል ደቂ ሰባትን፡ ጋዜጠኛታትን ወነንቲ ትካላት ኢነተርነትን፡ ተቓወምቲ ማሕበር ተማሃሮን፡ ተቓወመቲ ማሕበር መናእሰይን፡ ውልቀ ዜጋታትን። ዘሎ ፍልልያት ብምጽባብ ኣብ ክንዲ ጽልኢ ፍቕሪ፡ ካብ ምትሕስሳር ምክብባር፡ ካብ ብስምዒት ብጭቡጥ፡ ካብ ብሕልሚ ብጋህዲ፡ ብምትግባር።

ተቓወምቲ ውድባትን ስቪላዊ ማሕበራትን ብሓባር ግዝያዊት ሽማግለ ወካሊት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንኽንመዝዝ መድረኽ ይጥልበና ኣሎ። ከምቲ ምስላ ኣቦታትና ዝብልዎ፡ ተመን'ስ ንኽብዱ ክብል ብኽብዱ ይኸይድ ከም ዝብሃል፡ ንሕና ውን ንሃገርናን ህዝብናን ከንብል፡ ዘይሕለል ጻዕሪ ከነካይድ ናይ ኩላህና ሓላፍነት እዩ።

ውድቀት ንህ-ግ-ደ-ፍን ኮራኹሩን

**ዓወት ንጭኩን ህዝቢ ኤርትራ**

**አለም ተስፋ**
**ቶሮንቶ ካናዳ**